# ናይ ተሳትፎ ካርድ 2021

## ኣብ ሳንፍዩርድ ኮሙነ ዝወሃብ ናይ ተሳትፎ ካርድ

እቲ ናይ ተሳትፎ ካርድ ብምትሕብባር ውልቃዊ ትካላት፡ ሳንደፍዩርድ ኮሙነ፡ ከምኡውን NAV እተዳለወ እዩ። እቲ መደብ እተዳለወ፡ ትሑት ቍጠባዊ ዓቕሚ ኣብ ዘለወን ስድራቤታት ዘለዉ ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ እተፈላለየ ባህላውን ናይ መዘናግዒ ንጥፈታትን ክካፈሉ ዕድል ንምሃብ እዩ።

## ዕድል ዝረኽቡ መን እዮም፤

እቲ ካርድ ናይ ምርካብ ዕድል ዝረኽቡ እቶም ስድራቤቶም ትሑት ቍጠባዊ ኵነታት ዘለዎም ካብ 2-18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን እዮም። ኣብ 2021፡ ሳንደፍዩርድ ኮሙነ 450 ካርድታት ክህብ እዩ። ንሓደ ቈልዓ/መንእሰይ ድማ ሓደ ካርድ ጥራይ ክወሃቦ እዩ። ንሓንቲ ስድራቤት ክንደይ ካርድ ከም ዝወሃባ ክውሰን እዩ። ግናኸ፡ ካብ ሓደ ንላዕሊ ውሉድ ዘለውዎም ስድራቤታት ካብ ሓደ ንላዕሊ ካርድ ክወሃቦም ይኽእል እዩ።

ቀሊል ዝኾነ ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ኣብ ታሕቲ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ቅጥዒ እዚ ብወረቐት ሓቲምካ ምልኣዮ፡ ድሕሪኡ ምስቲ ካልእ ናይ ሓበሬታኻ ሰነዳት ጌርካ ናብ NAV ኣብጽሓዮ። ካልእ ሰነዳት ዘይብሉ ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ተቐባልነት ኣይህልዎን እዩ።

ኣብ ሳንደፍዩርድ ንNAV ክትበጽሑም እትኽእለሉ ኣድራሻ እዚ ዝስዕብ እዩ፡- Thor Dahls gate 1/5, 3210 Sandefjord.

## እቲ ካርድ ክተረክብ እትኽእለሉ ረቛሒታት

ኣብ ርእሲ እቲ ቍጠባዊ ኹነታት፡ እተፈላለየ ማሕበራዊ ኵነታት እውን ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። ስለዚ፡ ድምር ናይ ቍጠባውን ማሕበራውን ኵነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ረቛሒታት ክማላእ ከሎ እዩ ካርድ ዝወሃብ። NAV ነቲ ናይ መመልከቲ ቕጥዒ ተቐቢሉ ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ነርስን ኣገልግሎት ድሕንነት ሕጻናትን ብምምኽኻር ነቲ ናይ ተሳትፎ ካርድ ክህብ እዩ። እቲ ካርድ ንሓደ ዓመት ዘገልግል እዩ።

እቲ ናይ ተሳትፎ ካርድ ምስ ናይ ሓበሬታ ደብዳበ ብሓንሳብ ካብ NAV ብፖስታ ክለኣኽ እዩ።

ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ደብዳበ፡ በቲ ካርድ ክትገብሮ እትኽእሎ ነገራትን ዘሎካ ደረትን ተገሊጹ ኣሎ፡-

## እንታይ የጠቓልል፤

ኣብ ባህላዊ ኣዳራሽ የርትኔስ (የርትኔስ ኩልቱርሁስ) ናይ 50 ክሮነር ሲነማ ንምርኣይ ዘኽእል 10 ትኬት።

ኣብ ናይ ቈልዑ ባህላዊ መደባት ንምእታው ዝውዕል 5 ትኬት። ወላዲ/መጕዚ ምስቲ ውሉድ ብዘይ ክፍሊት እዩ ዝኣቱ።

ኣብ መሐምበሲ ሳንደፍዩርድ 10 ግዜ ክትኣቱ ዘኽእል ትኬት። ወላዲ/መጕዚ ምስቲ ውሉድ ብዘይ ክፍሊት እዩ ዝኣቱ።

ኣብ ቡጎርድስፓርከን ሚኒጎልፍ 10 ግዜ ክትኣቱ ዘኽእል ትኬት። ሓደ ትኬት ንሓደ ቈልዓ።

እቲ ካርድ ነቲ ቈልዓ/መንእሰይ እተዋህበ ስለ ዝኾነ፡ ንሱ ጥራይ እዩ ክጥቀመሉ ዝኽእል።

ናይቲ እቲ ካርድ ዘለዎ ቈልዓ/መንእሰይ ትኬት ንኻልእ ሰብ ወይ ዓርኪ ምሃብ ኣይፍቀድን እዩ።

ብዘይካዚ፡ እቲ ካርድ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፡-

- ንሓደ ዓመት ኣብ ሓደ ማሕበር ወይ ማእከል ስፖርት ኣባል ንምዃንን ናይ ስልጠና ክፍሊት ንምኽፋልን
- ብጋንታታት ወይ ማሕበራት ኣብ ዝዳሎ ውድድራትን ካልእ ምድላዋትን ንምስታፍ

- ንንጥፈታት ወይ ነቲ እትኣትዎ ማሕበር ዘድልየካ ናውቲ ንምርካብ

**ኣስተብህል፦** ነቲ ቀሊል ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ተጠቒሙ ኣብ ክንዳኻ ዘመልከት እቲ ከትኣትዎ ዝሓሰብካዮ ጋንታ፡ ማሕበር ወይ ማእከል ስፖርት እዩ። እቲ ኣገልግሎት ዝህብ ቦታ ኣብ ክንዲ እቲ ተገልጋሊ ኹይኑ የመልከት ደኣ እምበር፡ እቲ ካርድ እተዋህቦ ሰብ ኣይኮነን ዘመልከት። ኣብቲ መመልከቲ ቅጥዒ፡ ስም ዘይኰነስ፡ ቊጽሪ እቲ ካርድ ክጸሓፍ ኣለዎ።

## ጋንታታት፡ ማሕበራት፡ ካልእ ወሃብቲ ኣገልግሎት

ካብ ኮሙነ ገንዘባዊ ደገፍ ዝቕበሉ ጋንታታትን ማሕበራትን ነቲ ናይ ተሳትፎ ካርድ ክቕበሉ ግዴታ ኣለዎም። ካልኦት ኣብዚ መደብ ክካፈሉ ዝደልዩ ኣካላት፡ ነቲ ዝህብዎ ኣገልግሎት ክገልጹ ይኽእሉ እዮም።

እቶም ኣገልግሎት ዝህቡ ቦታታት ነቲ ካርድ ብእተጠቐምካሉ ቑጽሪ ምልክት ክገብሩሉ፡ ኣብ ናይ መቈጻጸሪ ቅጥዒ እውን ከምኡ ምልክት ክገብሩሉ እዮም። ከምኡ ምግባሮም፡ ነቲ ካርድ ክሳዕ ክንደይ ከም እተጠቐምካሉ ክንፈልጥን ብዛዕባ እቲ መደብ ገምጋም ክንወስድን ይሕግዘና።

## ኢፍሉጥነትን ምስጢራውነትን

እቲ ናይ ተሳትፎ ካርድ ንመንነት እቲ ካርድ ዝወሃቦ ሰብ ብዝዕቅብ ግን ከኣ ኮሙነ ነቲ ናይ ተሳትፎ ካርድ ንምምሕዳር ብዝጥዕሞ ቀሊል መገዲ እዩ ተዳልዩ።

ምስጢራውነት ውልቀሰባት ንምሕላው፡ እቲ ካርድታት ቊጽሪ ደኣ እምበር ስም ሰባት ኣይግበሮን እዩ። NAV ጥራይ እዩ እቶም ተጠቀምቲ መን ምዃኖም ዝፈልጥ። እቶም ምስቶም ተጠቀምቲ እቲ ካርድ ዝራኸቡ ጋንታታን ማሕበራትን ሰራሕተኛታት ትኴትን ካልኦት ኣካላትን ነቶም ተጠቀምቲ እቲ ካርድ ብሓልዮትን ብምስጢራውነትን ክሕዝዎም ይግባእ።

እቶም ተጠቀምቲ እቲ ካርድ በቲ ካርድ ኣቢሎም ኣብ ጋንታታን ማሕበራትን ክምዝገቡ ኸለው፡ በቲ ንኻልኦት ሰባት ዝምዝግቡሉ ንቡር ናይ መመዝገቢ መገዲ ክምዝገብዎም ኣለዎም። ንኣብነት፡ ከም ማናጀርን ተሓዚ ገንዘብን ካብ ዝኣመሰሉ ሰባት ወጻኢ ካልእ ሰብ እቲ እተመዝገበ ሰብ ተጠቃሚ ናይ ተሳትፎ ካርድ ምዃኑ ኽፈልጥ የብሉን።

## ነቲ መደብ መን እዩ ዘመሓድሮ፧

ብዛዕባ እቶም ካርድ እተቐበሉ ሰባት ሓፈሻዊ ሓበሬታ ዝህልዎ NAV እዩ። ስለዚ፡ NAV ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ነርስን ኣገልግሎት ድሕንነት ሕጻናትን ብምትሕብባር እዩ ካርድ ዝወሃቦም ሰባት መሪጹ ዝህብ። NAV ዝርዝር እቶም ተጠቀምትን ቊጽሪ ካርዶምን ኣለዎም።

ኣብ ሳንደፍዮርድ ንNAV ክትበጽሖም እትኽእለሉ ኣድራሻ እዚ ዝስዕብ እዩ፦ Thor Dahls gate 1/5, 3210 Sandefjord.

ናይቲ ኮሙነ ክፍሊ ባህላዊ ጕዳያት፡ ምስቶም ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላትን ቦታታትን ርክብ ይገብር ከምኡውን ነቲ ካብ ኮሙነ ገንዘባዊ ደገፍ ክቕበሉ ንዘመልእዎ ናይ መመልከቲ ቕጥዕን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራትን ይከታተል። እቲ ሓገዝ ንምርካብ ዝምላእ ናይ መመልከቲ ቕጥዒ ቀጻሊ ብዝኾነ መስርሕ ክርአ እዩ። እቲ እተፈቕደ መጠን ገንዘብ ከኣ ነቶም ወሃብቲ ኣገልግሎት ብቐጥታ ክኽፈሎም እዩ። ስለዚ፡ ክፍሊ ባህላዊ ጕዳያት ነፍሲ ወከፍ ተጠቃሚ ካርድ ልዕሊ እቲ እተፈቕደሉ መጠን ገንዘብ ምእንቲ ኸይጥቀም ነቲ ካርድ ክከታተሎ እዩ። እቶም ተጠቀምቲ ነቲ ካርድ ኣበይ ክጥቀምሉ ከም ዝደልዩ ባዕሎም ክውስኑን እቲ ካርድ ንጹር ዝኾነ ናይ ገንዘብ መጠን ደረት ከም ዘለዎ ክፈልጡን ኣለዎም።

ነቲ ካርድ ኣበየናይ ጋንታታትን ማሕበራትን ካልኦት ኣገልግሎት ዝህቡ ቦታታትን ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ፡ በጃኻ ኣብቲ ናይ ኮሙነ ወብ ሳይት ርአ። በቲ ካርድ ክትምዝገበሉ እትኽእል ተወሳኺ ናይ ኩዕሶ ቤት ትምህርትን ናይ ካምፕ ቤት ትምህርትን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለን ኣብ ውሽጢ እዚ ዓመት እንተ ተወሲኹ፡ ኣብቲ ወብ ሳይት ክወጽእ እዩ።